ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ'ቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ

**ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ እንታይ እዩ፧**
እቲ ናይ ተምሃራይ መጽናዕቲ ተምሃሮ ኣብ ቤት-ትምህርቶም ብዛዕባ ዘሎ ትምህርትን ድሕነትን ሓሳቦም ክህቡ ዕድል ዝህብ እዩ። እቶም ካብቲ መጽናዕቲ ዝተረኽቡ ውጽኢታት ናይቶም ተምሃሮ ናይ ቤት-ትምህርትን ናይ ትምህርትን ሃዋሁው ንምምርማርን ምምዕባልን በቲ ቤት-ትምህርቲ፡ በቲ ዋና ቤት-ትምህርቲ ከምኡ ድማ እቶም ሃገራዊ ሰብ-መዚ ትምህርቲ ይዕቀቡን ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉን።

እቶም ካብቲ መጽናዕቲ ዝተረኽቡ ውጽኢታት ንምርምር፡ ስታትስቲክስን/ጸብጻብን ኣብ ኣርካይ ምዕቃብን እውን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ይኽእሉ።

እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ካብቲ መጽናዕቲ ንዝተረኽቡ ስታትስቲክስ ወይ ጸብጻብ ኣብዚ ዝስዕብ የቕርቦም www.udir.no.

**እቲ መጽናዕቲ ብኸመይ ይካየድ፧**
ተሳታፍነት ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ምሉእ ንምሉእ ወለንታዊ እዩ። ከምኡ'ውን ተምሃሮ ክምልስዎም ንዘይደልዩ ሕቶታት ክሰግርዎም ናጻ እዮም።

**ሓለዋ ውልቃዊ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ሓላፍነት ንምምስራሕ ሓበሬታ**
ተምሃሮ ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ኣብ ዝሳተፍሉ እዋን፡ ንእኦም ዝምልከቱ ውልቃዊ ሓበሬታ ይእከብን ይዕቀቡን። እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ክሎም ውልቃዊ ሓበሬታታት ብመሰረት እቶም ሕግታት ሓለዋ ሓበሬታ ይምስርሑ ምህላዎም ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ።

ተማሃሮ ስማቶም ክጠቕሱ ኣይሕተቱን እዮም፡ ከምኡ ድማ ናይ ሃገራዊ መንነት ቁጽሮም ምስ ዝህብዎም መልስታት ኣይላገቡን ወይ ኣይትኣሳሰሩን እዮም። ሓደ ታምሃራይ ነቲ መጽናዕቲ መሊሱ ምስ ወድአ፡ እቲ ኣብ መንጎ ናይቲ ተምሃራይ ናይ ሎግኢን (መእተዊ) ኮድ/ሊንክ ከምኡ ድማ እቲ/ታ ተምሃራይ(ሪት) ዘሎ ምትእስሳር ክስረዝ እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ መጽናዕቲ መን እንታይ መሊሱ ንምልላዩ ከቢድ ይገብሮ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት (ንኣብነት፡ ካብ ንኣሽቱ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተረኽቡ መልስታት)፣ሓደ ሰብ ንውሱን መስሊ ምስ ውሱን ሰብ ከተኣሳስሮ ናይ ምኻል ስግኣተ-ሓደጋ ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ነቶም ውጽኢታት ናይቲ መጽናዕቲ ናብቲ ቤት-ትምህርት፡ ናብቲ ወናኒ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ ድማ ናይቲ ዞባ ሰብ-መዚ ትምህርቲ ኣብ ምልቃቕ ኣዝዮም ጽኑዓት ሕግታት ኣብ ግብሪ የውዕል። ውጽኢታት ናይቲ መጽናዕቲ ነቶም መልስታትኩም ምስ ሓደ ተምሃራይ(ሪት) ከተኣሳስር ብዝኽእል መንገዲ ብፍጹም ህዝባውያን ኣይክኾኑን እዮም። እቶም መልስታት ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነሉ ንውሓት ግዜ ይዕቀቡ።

እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ነቶም መልስታት ንናይ ምርምር ዕላማታት ኣብ ዝለቀም ኣጋጣሚታት፡ እቶም ተመራመርቲ በቶም ናይቲ ዲረክተርነት ሕግታት ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታን ምስጢራውነትን ተማኢዚዞም ክኸዱ ይግደዱ፡ ሓበሬታ ናይ ዘይምግላጽ ውዕል ክፍርሙ ከኣ ይግደዱ።

**ሕጋዊ መሰረት ንምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታ**
እቲ ምስቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ዝዛመድ ሕጋዊ መሰረት ንምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታ ነቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ፡ ዓንቀጽ 6 ሕጡበ-ጽሑፍ 1 lit e ከምኡ ድማ ዓንቀጽ  ሕጡበ-ጽሑፍ  2 lit g ዝኽተል እዩ

እቲ ናይ መመላእታ ሃገራዊ ሕጋዊ መሰረት ኣብ ክፍሊ 19-3 ናይቶም ሕግታት ናይ ኣዋጅ ትምህርቲ [*forskrift til opplæringsloven*] ከምኡ ድማ 13-3 ናይቶም ሕግታት ናይ ኣዋጅ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ [*forskrift til privatskoleloven*] ሰፊሮም ኣለዉ።

እቶም መልስታት ምስ ውሱን ተምሃራይ(ረት) ክተኣሳሰሩ ስለዘይክእሉ ተምሃሮ ንመስልስታቶም ክርእዮም፡ ክእርምዎም ወይ ክስርዝዎም ኣይክእሉን።

እቲ ሕጋዊ መሰረት ናይ ምርምር፡ ስታትስቲክስ/ጸብጻብ ከምኡ ድማ ኣብ ኣርካይቭ ምዕቃብ ሓፈሻዊ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ ዓንቀጽ 6 ሕጡበ-ጽሑፍ 1 lit e ከምኡ ድማ ዓንቀጽ ሕጡበ-ጽሑፍ 2 lit j እዩ። ዓንቀጻት 8 ከምኡ ድማ 9 ናይቲ ናይ ኖርወይ ኣዋጅ ውልቃዊ ሓበሬታ ነቲ ናይ መመላእታ ሃገራዊ ሕጋዊ መሰረት ዘጠቓልል እዩ።

**ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ድዮም፤**
ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ወይ ነቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን በዚ ዝስዕብ ርኸብዎ።

ናይ ርክብ ዝርዝራት ናይቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን፥
**ተሌፎን፥** +47 23 30 12 00
**ኢመይል፥** post@udir.no post@udir.no

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ (ብቛንቋ ኖርወይ ጥራይ) ክትረኽቡ እውን ትኽእሉ www.udir.no/undersokelser። ንሓለዋ ሓበሬታ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብ እቲ በዓል-መዚ ሓለዋ ሓበሬታ ናይቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን በዚ ዝስዕብ ክስደዱ ኣለዎም፥ personvernombud@udir.no

እቲ ናይ ኖርወይ በዓል-መዚ ሓለዋ ሓበሬታ ንምምስራሕ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ እቲ መናዕቲ ተምሃራይ ዝምልከቱ ጥርዓናት ዝርኢ ኣካል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ነዚ ዝስዕብ ርኣዩ፥ https://www.datatilsynet.no/om-datatilsynet/kontakt-oss/klage-til-datatilsynet/